# ሃገር ሕንፍሽፍሽ ምስ ዝኣትዋ መንዩ ተረባሒ?

ኣብ ሃገርና ሓደ ኣባሃህላ ኣሎ " ናይ ዕዳጋ ዕግርግር ንሌባ ይምችእ" ዝብል። ብሓቂ ከኣ ንሌባ እዩ ዝምችእ፣ እንበር እቲ ዕግርግር ዘበገሰ ረብሓ የብሉን ። እኳደኣ ብዝያዳ ንሱ ይኸስር። እንተወሓደ ሰለስተ ወጽዓታት የጋጥሞ።
ሀ) ህድኣት ዕዳጋ ስለ ዝዘረገ ብሕጊ ተታሒዙ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ይኣቱ።
ለ) በቶም ኣብቲ ዕዳጋ ዝወዓሉ ሽቃጦን ዓማዊሎምን ይጽላእ ይርገም ይኽሰሰን።
ሐ) ኣብ ዕዳጋ ዚጋጠመ ክሳራታት ብሓላፍነት ይሕተት። እቲ ሰራቒ ግን ዘድልዮ ሒዙ ይሃድም። ብኻልእ ኣዘራርባ እቲ ክፍኣት ዝኣልም ግዜ ይንዋሕ ይሕጸር ብዘየገድስ ኢታ ተንኮል ተመሊሳ ንዑኡ እያ ትጎድእ። ስለዚ መዕገርገሪ ኣእሙሮ ዘይብሉ፡ ረብሃን ክሳራን ዘይመዝን፡ ንረብሓ ሰረቕቲ ዝኸድም፡ ብሕብረተ ሰብ ፍንፉን፡ ታሪኹ ኣበላሽዩ ታሪኽ ቤተ-ሰቡ ዝድውን። ዝኸፍኤ ከኣ ንዘርኡ (ውሉዱ) ዘይሕከኽ ሕማቕ ስም ዘትርፍ ይኸውን።

እዚ በጺህናዮ ዘሎና ዘመን ናይ ዕዳጋ መዔገርገርቲ ይሕሹ ካብዞም ንሃገር ሕንፍሽፍሽ ከእትዉላ ዝፍትኑ ዘለዉ ሸዩጣት ዘብል እዩ። ብጉልባብ ፖሎቲካ ለቢሶካ፡ ብሃይማኖት፡ ብወገን፡ ባውራጃ፡ ብቐቢላ ወዘተ...ህዝቢ ከተዋቕዕ፡ ሃገር ሰላማ ክትዘርግ፡ ግሰጋሰ ልምዓት ከተሰናኽል፡ ዓቕሚ ሰባ ክትጽንቅቕ፡ ሰራዊት ኤርትራ ከተዳኽም፡ ዝግበር ናይ ሃሱሳት ውረድ ደይብ፡ ረባሕቲ መወልቶም ድኣምበር ጥቕሚ ሃሱሳት ከብዶም ምምላእ ጥራሕ። ንሎሚ ቁምነገር ዝሰርሑ ዘለዉ ይመስሎም ይኸውን፣ ጽባሕ ንጉሆ ግን እኪይ ስርሖም ጽውጽዋይ ኮይኑ ንስምምን ስም ቤተ-ሰቦምን ዘነውር፡ ንደቆም ርእሶም ዘድንን ታሪክ እዮም ዘትርፉ ዘለዉ። ኣብ ብዙ ጸይቅታቶ ም ክምድሩ ከለዉ " ኣብ ሃገርና ደሞክራሲ የለን፡ ደሞክራሲ ከነምጽእ ንቃለስ" ይብሉ። መቸም ዝተጋገ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ምስ ተታሕዘ፡ ደሞክራሲያዊ መሰልይ ተገፊፈ ዝብሃለሉ ዘመን ኢና ዘሎና። ገበነኛ ገበን ክገብር ዘፍቅድ ደሞክራሲ ኣብ ዓለም ተሰሚዑ ኣይፈልጥን። ንፕረሰደንት ጸሊኤ'ሞ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊኡ እገዳ ክብየነሉ ኣለዎ። መንግስቲ ንምግልባጥ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ውግእ ክእወጅ ። መሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ስለ ዝጸላእኩ ሓጉዙኒ ንምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ክድምስስ ዝብሉ ፍንፉናት በየናይ መለክዒ እዮም ኤርትራውያን ክበሃሉ።

ኤርትራዊ ዝበሃል እኮ ዝሰምዖ ሓቀኛ ሃናጽን ነቓፍን ሓሳቡ ብዘይ ፍርሂ ዝዛረብን ዝሙጉትን ፡ ሃገሩ ካብ ጸላኢ እናተኸላኸለ፡ ድሕነት ህዝቡ ዘውሕስ፡ ንምዕባለን ልምዓት ሃገረ ዝሰርሕ፡ ብሓቀኛ ደሞክራሲያዊ መትከል ዝቐየድ ድኣንበር፡ ንህጻናት ካብ ሃገር ንኽወጹ ናይ ሓሶት መናፍሕ ዝነፍሕ፣ ብሂወት ኤርትራውያን መንእሰያት ዝጻወት ኣይኮነን። ከምቲ እዛ ኣርእቲ እትብሎ " ሃገር ሕንፍሽፍሽ ምስ ዝኣትዋ መንዩ ተረባሒ?" ንዝብል ሕቶ መልሱ እቶም ሕንፍሽፍሽ ከእትዉላ ብናይ ወጻኢ ሓይልታት ዝምወሉ ደቂ ሃገር እይኮኑን፣ እንታይደኣ እቶም ንሓድነትና ፋሕብትን ኣቢሎም ሓሳብ ህዝብና ክሰርቁ ዝሓስቡ ሰረቕቲ እዮም ተረባሕቲ። እቶም መዕገርገርቲ ግን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ናይ ኣኣሙሮ ወይ ቀይዲ ሕጊ ምእታዎም ኣይተርፎምን ኣዩ። ነዞም መናሰያት ኣብ ገበን ዘይወዓሉ ግን ብሓሶ ዑሉባት ወያነ ዝታለሉ ዘለዉ መኻፍልቲ ገበኖም ክኾኑዎን ናይ ሓሶት መደረታት ዝምድሩ፡ ድሕሪ ባይታኦም ምፍላጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ድሕረባይታ ናይቶም ይኾኑኒ'ዮም ትብሎም ምስዘይትፈልጥ መዕለቢኻ ኣብ ደልሃመ እዩ።

ሓደ ሰብ (ንግዚኡ መንነቱ ክዕቀቦ መሪጸ ኣሎኹ) ኣባል ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ነበር ብውክልና ውድብ ናብ ሓንቲ ኣፍሪቃ ሃገር ቋንቋ ፈረንሳ እትዛረብ ተመደበ። ነውሕ ከይጸንሔ ብወተሃደረዊ ቤት ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ. ንስራሕ ብዝብል ምኽንያት ተጸዊዑ ንኤርትራ ከምዝኣቱ ተገሩ ናብ ፎርቶ ወተሃደራዊ ቤት ጽህፈት መጸ። እቲ ዘጸወዖ ምክንያት ኣብ ፎርቶ ከይተሓበሮ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ (ማሕዩር) ምኳኑ ተነግሮ። ንግለ ኣዋርሕ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ዓላ ገረብ ይሓድር ይውዕል ነበረ። ኣነ ብስራህሕ ምኽንያት ናብቲ ቦታ ተንቀሳቐስኩ'ሞ ኣብኡ ረኺብኩዎ። ቀደም ቅድሚ ኣብ ገድሊ ምስላፍና ይፈልቶ ስለ ዝነበርኩ ሰላም ክብሎ ናብኡ ገጸ ቅርብ ምስ በልኩ ፍንትት ኢሉ ንዑኡ ዝሕሉ ዝነበረ ተጋዳላይ ኣጊፍ (ደው በል) በለኒ። ደው ድማ በልኩ። ኣቲ ተጋዳላይ ብቛንቛ ዓረብ ጌሩ ምስኡ ክትዛረብ ኣይፍቀድን እዩ በለኒ። ሕራይ ኢለ ናብቲ ዘምጻኣኒ ጉዳይ ከድኩ። ሰላም ክብሎ ሓተትኩ ተፈቕደለይ ድማ። ብትሑት ድምጺ እንታይ ድኣ ኣብዚ ማሕዩር ኣግቢሩኻ ኢለ ሓቲተዮ እንድዒ ኣይፈለጥኩን ኢሉኒ። ንሱ ግን ገበኑ ተነጊሩዎ ኔሩ። ክነግረኒ ኣይደለየን። ሕጂውን ብዛዕባ ገበኑ ኣይኮንኩን ክዝርዝር፡ እንታይ ንምባል ድኣ ነዞም መንእሰያት ኣሕዋትናንን ደቕናንን ቕድሚ ምስ መንግስትን መራሕትን ዝተጻረፈን ዝኸሰሰን ምስዓብ ታሪኹ/ታሪኻ ምፍላጥን ስለምንታይ"ከ ጸረ መንግስቲ ወይ መራሕት ተላዒሉ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ጽባሕ ንሱ ወይ ንሳ ዝሕተቱሉ ገበን ተሓወስቱ ከይትኾኑ ንምሕባር እየ። ጌጋ መረዳእታ መታን ከይህሉ ኣይትቋወሙ ማለተይ ኣይኮንኩን። ሃገራዊ ጉቡእካ/ኪ እና ፈጸምካ፡ ንድሕነት ሓገር እናተኻላኸልካ፡ ንውሸጣውያንን ግዳማውያን ተጻባእቲ እናመከትካ፡ ብናትካ ተሞኩሮ'ም ሓቅነት ዘለዎ እና ሞጎትካ፡ ኢሉዎ ኢላቶ ዝበሃል ነገራት ጭብጢ ዘይብሉ ከይተኸተልካ ኣብ ሃገራዊ ወፍሪ ብኹሉ ሸነኻቱ ከከም ዓቕምኻን ፍልጠትካን እናተኻፈልካ ንብልጽግና ሃገር ዝጠቕም ተቛውሞ ዝነጽጎ ስለ ዘየለ ብሃናጺ መልክዑ ክቐርብ ይግባእ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ።